# ምዕራፍ 7



# ገንዘብ

**ኣስተውዕሉ!**

- 1 ብር = 100 ሳንቲም
- 1 ብር = 10 በዓል 10 ሳንቲም
- 1 ብር = 4 በዓል 25 ሳንቲም
- 1 ብር = 2 በዓል 50 ሳንቲም

## መልመዲ 1

ነዞም ኣብ ታሕቲ ተዋሂቦም ዘለዉ መጠን ኣቐራሽ ተሓቢሩ ብዘሎ ሳንቲም ግለፁ፡፡

1. ሀ. ብር 2 = __________በዓል 1 ሳንቲም

   ለ. ብር 1ን 50 ሳንቲምን ክንደይ በዓል ዓሰርተ ሳንቲም እዩ?

   ሐ. ብር 3 = ___________በዓል 50 ሳንቲም?

   መ. ብር 4 ክንደይ በዓል 25 ሳንቲም እዩ?

2. ዋጋ ሓደ እርሳስ 60 ሳንቲም እንተኾይኑ ብብር 6 ክንደይ እርሳስ ምዕዳግ ይከኣል?

## 7.1 ምድማርን ምጉዳልን ገንዘብ

ኣብነት 1



3 × ብር 10



4 × ብር 5



ብር 30 + ብር 20 = ብር 50

ኣብነት 2



4 × 10 ሳንቲም | 2 × 50 ሳንቲም | 3 × 5 ሳንቲም

40 ሳ + 100 ሳ + 15 ሳ = 155 ሳ = 1 ብር ን 55 ሳ

## ንጥፈት 1

**1.** ኣብ ሳዕሊ ዘሎ ኣብነት መሰረት ገይርኩም ነዞም ዝስዕቡ ስርሑ፡፡

ሀ.



ብር ______ + ብር ______ + ብር ______

= ብር ______

ለ.



______ ሳንቲም + ______ ሳንቲም + ______ ሳንቲም

= ______ ሳንቲም

**2.** ኣብዚ ዝስዕብ ስእሊ ኣብ ቀዳማይ ሳፁን 5 በዓል 50 ሳንቲም፣ ኣብ ካልኣይ ሳፁን 5 በዓል 10 ሳንቲም፣ ኣብ ሳዕሳይ ሳፁን ድማ 8 በዓል 25 ሳንቲም ተቐሚጦም ኣለዉ፡፡ ብመሰረት እዚይ ነዞም ዝስዕቡ መልሱ፡፡

ሀ. እቶም ሳናቲም ብሙሉኦም ክንደይ ብር ይኾኑ?

ለ. እቶም ሳናቲም ብሙሉኦም ክንደይ በዓል 5 ሳንቲም ይኾኑ?

ሐ. እቶም ሳናቲም ብሙሉኦም ክንደይ በዓል 1 ሳንቲም ይኾኑ?



3. ነዞም ዝስዕቡ መጠናት ገንዘብ ደምሩ።

ሀ. ብር 30 + ብር 80 = ብር __ ለ. 25 ሳ + 65 ሳ = ______ ሳ

ሐ. 100 ሳ + 200 ሳ = ብር__ መ. ብር 50 + 90 = ብር_________

4. ነዞም ዝስዕቡ መጠናት ገንዘብ ኣጉድሉ።

ሀ. ብር 80 – ብር 50 = ብር____ ለ. 60 ሳ – 25 ሳ =_______ ሳ

ሐ. ብር 400 – ብር 150 = ብር___ መ. ብር 326 – ብር 135 = ብር____

## 7.2 ምዕዳግን ምሻጥን

### ዕዮ ጉጅለ

ብጉጅለ ኮይንኩም እናተመያፕኩም ንስድራኹም ዘድልዩ፤

1. በቢዕለቱ እትዕድጉዎም ነገራት ዘርዝሩ።
2. በቢወርሑ እትዕድጉዎም ነገራት ዘርዝሩ።
3. ኣብ ዓመት እትዕድጉዎም ነገራት ዘርዝሩ።
4. ኣብ በዓላት እትዕድጉዎም ነገራት ዘርዝሩ።

## ንጥፈት 2

| | በዝሒ ዝተዓደገ | ዝተኸፈለ (ብብር) | መልሲ |
|---|---|---|---|
| ዋጋ ሳሙና 2.25 ብር | 2 | 5 | 50 ሳ |
| ዋጋ እምኒባትሪ 1.50 | 3 | 10 | |
| ዋጋ ከረሜላ 0.50ሳ | 5 | 2 | |
| ዋጋ ማስመሪያ 12ብር | 1 | 15 | |
| ዋጋ ቅብኣት 9 ብር | 2 | 20 | |
| ዋጋ ሰዓት 25 ብር | 1 | 100 | |

## መልመዲ 2

1. ነዞም ዝስዕቡ ደምሩ::

   ሀ. 60 ሳንቲም + 35 ሳንቲም = 95 ሳንቲም

   ለ. 70 ሳንቲም+ 25 ሳንቲም

   ሐ. ብር 4 + ብር 3

   መ. 80 ሳንቲም+ 60 ሳንቲም

   ረ. 35 ሳንቲም+ 40 ሳንቲም

2. ዋጋ ሓደ ሳሙና ብር 2 ን 50 ሳንቲምን እንተኾይኑ 3 ሳሙናታት ንምዕዳግ ክንደይ ብር የድሊ?

3. ዋጋ ሓደ ባኒ 75 ሳንቲም እንተኾይኑ ብብር 6 ክንደይ ባኒ ምዕዳግ ይከኣል?

4. 1 ፓኬት 12 እምኒባትሪ ይሕዝ። ዋጋ 1 እምኒባትሪ ብር 1ን 25 ሳንቲምን እንተኾይኑ 2 ፓኬት ንምዕዳግ ክንደይ ብር የድሊ?

5. ዋጋ ሓደ ጥርሙዝ ቅብኣት ፀጉሪ ብር 3 ን 50 ሳንቲምን እዩ። ኣብ ሓደ ሹቕ ሓደ ጥርሙዝ ቅብኣት ፀጉሪ ዓዲግና ብር 5 እንተሂብና መልስና ክንደይ ብር እዩ?

6. 1 ኪሎ ግራም ሽኮር ብብር 14 ዝዕደግ እንተኾይኑ ርብዒ ኪሎ ሽኮር ንምዕዳግ ክንደይ ብር የድሊ?